# ሕብረት ኣውሮጳ፡ ኤርትራን ኢትዮጵያን ትዕግስቲ ክገብራ ጸዊዑ

**ኢሪን፡- 14 ለካቲት 2005**

ሕብረት ኣውሮጳ ኣብ ዝሓለፈ ሰኑይ 14 ለካቲት 2005 ክልቲኣን መንግስታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብዚ ቀረባ እዋን ኣብ ዶባተን ዝገብርኦ ዘለዋ ምእካብ ናይ ሰራዊት ከምዘሻቕሎ ድሕሪ ምግላጹ፤ ክልቲኣን ሃገራት ሓድሽ ውግእ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ከየባርዓ ክጥንቀቓ ኣለወን ክብል ኣተሓሳሲቡ።

ኣምባሳደር ሆላንድ፡ ሚስተር ሮብ ቨርማስ፡ እቲ 25 ሃገራት ዝኣባላቱ ሕብረት ኣውሮጳ፡ ኣብ ዶባት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝካየድ ዘሎ ምትእኽኻብ ናይ ሰራዊት "ብፍላይ ከምዘሻቕሎ" ገሊጹ። ናይ ሕብረት ኣውሮጳ ፕረሲደንት ኣብዚ እዋንዚ ሆላንድ ምዃና ዝዝከር ኢዩ።

ኣምባሳደር ሮብ ንሕብረት ኣውሮጳ ወኪሉ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ "ኣብዚ ቀረባ እዋን ኣብ ክልቲኡ ሸነኻት ናይቲ ዶብ ብዝካየድ ዘሎ ወተሃደራዊ ምትእኽኻብ ንሕብረት ኣውሮጳ ብፍላይ ከምዘሻቕሎን፤ ክልቲኦም ሸነኻት ድማ ንዳግማይ ተጻብኦታት ዝዕድም ተግባር ካብ ምፍጻም ክቝጠቡ ከምዘለዎምን ኣተሓሳሲቡ።

ነቲ ጌና ምስ ኤርትራ ዘሎ ዘይተፈትሐ ናይ ዶብ ወጥሪ ኣመልኪቱ፡ ንኢትዮጵያ ዝውሃብ ልምዓታዊ ደገፍ፡ ብፖለቲካውን ምሕደራውን ኩነታት ብቐጥታ ክጽሎ ይኽእል ኢዩ ክብል ኣምባሰደር ቨርማስ ገሊጹ።

"ነዚ ብዝምልከት፡ ንብይን ኮሚሽን ዶብ ኣብ ምፍጻም ንኤርትራን ኢትዮጵያን ዝሕግዙ ኣገባባት ንምቕራብ ሕብረት ኣውሮጳ ቅሩብ ኢዩ" ክብል ድማ ኣብሪሁ።

ኣምባሳደር ቨርማስ ነዚ ዝበለ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ፡ ኣቶ መለስ ዜናዊ ዓመታዊ ቍጠባዊ ጸብጻብ ንለገስቲ ኣብ ዘቕርበሉን፤ ድኽነት ንምንካይ ደገፍ ኣብ ዝጠልበሉን እዋን ኢዩ ነይሩ ክብል ኢሪን እተባህለ ናይ ዜና ማዕከን ሓቢሩ።